Fred Hutch
Cancer Center

# መርመራ መንሽሮ ሳንቡእ ህይወትካ ከድሕኖ ይኽእል



Fred Hutchinson Cancer Center ንመንሽሮ ሳንቡእ ልዑል ሓደጋ ንዘለዎም ሰባት ኣብ መላእ Puget Sound ኣብ ሓሙሽተ ቦታታት መርመራ ይህብ እዩ። ብኣግኡ እንተተረኺቡ፡ መንሽሮ ሳንቡእ ክሕከም ዝኽእልን እንትኹን ደረጃ ህላወ ድማ ዓብዩ ለውጢ ከርኢ ይኽእል።

ብሓቂ ድማ፡ ብኣግኡ ክርከብ ከሎ፡ መንሽሮ ሳንቡእ ዘይንእሽቶ ዋህዮ ናይ ዘለዎም ሰባት ደረጃ ህላወ ካብ 15 ሚእታዊ ክሳብ 84 ሚእታዊ ክውስኽ ይኽእል።

## መርመራ ክገብር ዘለዎ መን እዩ?

እዚ ኩሉ ሓቂ እንተኹይኑ ካብ ዓመታዊ መርመራ ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ፥

- ዕድሜኻ ካብ 50 ክሳብ 80 ዓመት እንተኹይኑ
- ብማእከላይ ገምጋም ን 20 ዓመታት ብውሑዱ 1 ዕሹግ ሽጋራ ኣብ መዓልቲ ወይከኣ ን 10 ዓመት ኣብ መዓልቲ 2 ዕሹግ ሽጋራ ተትክኽ እንተነይርካ
- ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ሽጋራ ተትክኽ እንተኹይንካ ወይከኣ ኣብ ዝሓለፈ 15 ዓመት ደው እንተኣቢልካ

## መድሕን ንመርመራ መንሽሮ ሳንቡእ ይሽፍን ድዩ?

መብዛሕቲኦም መደባት ጥዕናን Washington State Medicaid (Washington Apple Health) 'ን ዕድመኦም ካብ 50 ክሳብ 80 ንዝኾኑ ቡቑዓት ውልቀሰባት መርመራ መንሽሮ ሳንቡእ ዝሽፍኑ እንትኹን፡ Medicare ድማ ዕድመኦም ካብ 50 ክሳብ 77 ንዝኾኑ ቡቑዓት ውልቀሰባት መርመራ መንሽሮ ሳንቡእ ይሽፍን እዩ። ድሕሪ እቲ መርመራ ዘድሊ ምክትታል ክንክን ብመድሕንካ ወይ ብ Medicare ወይ ብ Medicaid ክሽፈን ተኽእሎ ኣሎ፤ እንተኾነ ግን፡ በጃኻ ሽፋን መድሕንካ ንምፍታሽ ናብ ተሰካማይ መድሕንካ ተወከስ ወይከኣ ንፍቓድ ዝምልከት ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህልወካ ናብ ፋይናንሳዊ ኣገልግሎት ሕሙማት (Patient Financial Services) ብ (206) 606-6226 ገይርካ ደውል።

## እቲ መርመራ እንታይ የጠቓልል?

እቲ ስካን ቅልጡፍ፡ ቐሊልን ቃንዛ ዘይብሉን ኰይኑ ክዳንካ ምሉእ ብምሉእ ተኸዲንካ ክትጸንሕ ትኽእል ኢኻ። ትሑት መጠን ዘለዎ CT ስካን ተባሂሉ ዝጽዋዕን ኣብ ልዕሊ ሓደ ጠረጴዛ ደቂስካ ናብ'ቲ ማሽን እንዳኣተወን እንዳወጸአን ስእልታት ዝወስድ ፍሉይ ዓይነት ራጂ እዩ።

## ንዝያዳ ሓበሬታ

መርበብ ሓበሬታና ጐብንይ ወይከኣ ርኸበና ኢኻ። ንናይ መንሽሮ ሳንቡእ መርመራ መወከሲ ንምርካብ ምስ መባእታዊ ወሃቢ ክንክንካ ምዝርራብካ ኣረጋግጽ ኢኻ። በይዘኻ ካብ'ዞም ሓሙሽተ ቦታታት ዝጥዕመካ ሓደ ምረጽ፥

**Fred Hutchinson Cancer Center — South Lake Union**

**UW Medical Center — Roosevelt**

**UW Medicine Primary Care ኣብ Outpatient Medical Center**

**Harborview Medical Center**

**UW Medicine Eastside Specialty Center**

**ብዝያዳ ንምፍላጥ ናብ**
FredHutch.org/LungScreening ወይከኣ
(206) 606-1434 ተወከስ

Fred Hutchinson Cancer Center ብሕታዊ ትካል እንትኹን ከም ናይ UW Medicine መደብ መንሽሮ'ውን ኰይኑ የገልግል።

UW Medicine

PED-0524-00692 | ዝተኸለሰ 05/16/2024